# መንፈስ ቅዱስ

## <u>መዝሙር እምነት</u> <u>41 መንፈስ ቅዱስ</u>

## <u>መጸ</u>

1. ብስራት ቃል ወንጌል ኣብ ዙርያኺ ንገር፡
   ሰብ ኣብ ዝርከቦ ሓጥያት ዝዓዘዞ፡
   ኣገልገልቲ ኣምላኽ ብሓጎስ ውፈሩ፡
   ቃል ተስፋ ክትነግሩ።

   ተደጋሚ፡- መንፈስ ቅዱስ መጸ (2)
   ተስፋ ናይ ኣቦና ከጠምቕ ንነፍሳትና፡
   ንገሮ ኣብ ኩሉ ኣሚኖም ብስሙ፡
   መንፈስ ክቕበሉ።

2. ድቕድቕ ጸልማት ለይቲ ዘበንና ሓሊፉ፡
   ጸሓይ በሪቑልና ብኸያትና ሓሊፉ፡
   ምስ ዘሰንብድ ፈራ ጭራሕ ምራሕ ኩሉ፡
   ብዘሎ ኣልጊሱ፡
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ኣብ ምርኮ ናይ ሓጥያት ንዘለዉ ሰባት፡
   ኣምጺኡ ነጻነት ካብ መቑሕ ባርነት፡
   ክደሊ ንጥፉኣት መጸ ካብ ሰማያት፡
   ‘ቲ ንጉስ ነገስታት።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

4. ድኹም ከናፍረይ መሬት ዝመዝገበልይ፡
   ከም ምስሉ ክበርህ ከመይ’ሉ ኮነለይ።
   ጸጋ ናይ ኣምላኽና ዘይብሉ ዘመና፡
   ተዋህበ ስሌና።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

5. ዓው ኢልካ ዘምሮ ኩሉ ሰብ ክሰምዖ፡
መንፈስ ቅዱስ መጸ ልብና ክመልአ፡
ዘየቋርጽ ሃብቲ ኣምላኻዊ ፍቕሪ፡ ንደቂ ይሓሊ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

# <u>መዝሙር እምነት42 ምውራድ ናይ መንፈሱ</u>

1. ንብስራት ኣምላኽ ኣውጅ ኣብ ዙርያኻ፡
ኣብ ርኽሰት ዝመልአ ኣብ ኩሎም ህዝብኻ፡
ኩሎም ዉሉድ ኣምላኽ ሓጎስ የዘንትዉ፡
ብመንፈስ ናይ ጎይታ።

ተደጋሚ፡- <u>ምውራድ ናይ መንፈሱ(2)</u>
ርኢና ኣብ ቤቱ ኣብቲ ቅዱስ ቦታ፡
ንዑ ነዘንትዎ ብቕዱስ ሕልና፡
ንወንጌል ኣምላኽና።

2. ጸልማት ተወዲኡ ብርሃኑ ነጊሱ፡
ፍርሃት ተባሪሩ ርኽሰት ተደምሲሱ፡
ኣብ ኣኽራናት ጽዮን መዝሙርኩም ዘምሩ፡
ብመንፈስ ናይ ጎይታ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ‘ቲ ንጉስ ነገስታት ፈዋሲ ሕሙማት

ንናይ ሓጥያት ምርኮ ንኹሎም ድኹማት
ነጻነት ክህቦም ካብ ባርነት ሓጥያት፡
ብመንፈስ ናይ ኀይታ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

4. ወዳጀ ፍቕርኻ ዎ የሱስ መድሓኒ፡
ንኹሎም ምግዱራት ንኹሎም ኩኑናት፡
ሓራ ኣውጺእዎም ሓይሉ ኣይንገርን፡
ንኡ ይኹን ስብሓት።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

# <u>መዝሙር እምነት43 ልኣኽልና መንፈስካ</u>

1. ዘቃጽል ዘጽሪ መንፈስካ
ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ፡
ንጽበ ክውሕዝ ጸጋኻ፡
ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ፡
ጠምት ነቶም ዝጽበዩኻ፡
ብሩኽ ተስፋ ኣቦ ኣውርደልና፡
ዳግማይ ጳንጢቆስጠ ሃበና።
ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ።

2. ኣምላኽ ኢልያስ ስማዕ ጸሎትና፡
ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ

ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ዘንብረና፡

ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ።

ዘጥፍእ ንኹሉ ሓጥያትና፡

ዝህብ ብርሃን ንልብና፡

ዕየ ሕጂ ኣብ መንጎና፡

ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ።

3. ንጠሚ ንጸምእ መንፈስካ፡

ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ።

ኣብ ኣርያም ኣውሕዝ ኣብ ህዝብኻ፡

ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ።

ሓይሊ ረኺብና ክንብርትዕ፡

ጸጋ መሊእና ክንስዕር፡

ፍቕሪ ለቢስና ክንሰርሕ፡

ልኣኽልና ልኣኽልና መንፈስካ።

# <u>መዝሙር እምነት44 ንዓ መንፈስ ቅዱስ</u>

1. ንዓ መንፈስ ቅዱስ፡ ብሩኽ ተስፋ ኣቦ
ብዘይካኻስ ኩሉ ክንቱዩ ንገብሮ።
ብሓድሽ ክትትንእ ቀዳመይቲ ማሕበር፡
ተሎ ተሎ ንዓ ደሃይካ ኣበስር።

<u>ተደጋሚ:-</u> ንዓ መንፈስ ቅዱስ፡ ንጽበ ኣሎና፡

ኣንድዶ ፍቕርና ኣሙቕ

ኣኼባና።

ካብ መንፈስ ትኽስታ

ኣበራብረና፡

ብዘይካኻስ ጎይታ ፍጹም

ነይኮነልና።

2. ንዓ መንፈስ ቅዱስ ሰማያዊ ርግቢ፡
   ብህላውነትካ ኣጎልብባ ምድሪ፡
   ብዘይካኻስ ምድሪ ማሕደር እኩይ ኢያ፡
   ብወንጌል ጎይታና ቀልጢፍካ ርድኣያ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. በረኻን ጥራያን ዝነበረት ምድሪ፡
   ህይወት ሰኻዕካላ ገዲዱካ ፍቕሪ።
   ኣብ ልዕሌና ዘምቢ ብሩኽ መንፈስ ቅዱስ
   ህይወት ክትህበና ካብ ድቃስ ክንትንስእ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

4. ንዓ መንፈስ ቅዱስ ኣኼባና ባርኽ
   ብኣኻ ክንጽሊ ብኣኻ ክንዝምር።
   ‘ቲ ጥዑም ብስራት ወንጌል ኣሰንዩ፡
   ኩሉ ቅዱስ ስርዓት ንዓ ‘ይትፈለዮ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

# መዝሙር እምነት 45 መንፈስ ቅዱስ ንዓ ምጻእ

1. መንፈስ ቅዱስ ንዓ ምጻእ፡
   ንናትካ ዝኾነ ብጻሕ፡
   ኣብ ልባትና ፍቕሪ ኣፍስስ፡
   ንኣገልግሎትና ኣጽንዕ፡
   ብኣኻ ክንፈልጦ ንኣብ
   የሱስ ዘለሊ ልቢ ሃብ።

2. መንፈስ ቅዱስ ኣቦ ድኻ፡
   ናይ ህይወት ወሃቢ ንዓ፡
   ኣውርድ ሾብዓተ ህያብካ
   ኣብዛ ሒደት መጓሴኻ፡
   ንምእማን ደግፍ ባሮትካ፡
   ክቕበሉ ሃብትታትካ።

3. ሕያዋይ ጋሻ ነፍስና
   ብሉጽ መጸናኒዕና፡
   ብርሃን ኩን ንሕዋሳትና፡
   ቅዱስ ቃል ምላእ ልብና፡
   ማእለያ ዘይብሉ ሓይሊ፡
   ኣልብስ ንማሕበርካ ሎሚ።

4. ሕጻብ ንዝረስሐ ልቢ፡
   ኣጥልል ዝመጠነት ነፍሲ፡
   ኣለምልም ንዝተረረ፡

ኣሙቕ’ውን ንዝቖረረ፡
ዘይውዳእ ነባሪ ታሕጓስ፡
ንጉሁይ ኣበርኪትካ ሃብ።

# መዝሙር እምነት 46 ክቡር መንፈስ ቅዱስ

1. ንብሩኽ መንፈስ ቅዱስ ሃረር ይብል ልበይ፡
   ብህይወት ክነብር ክገብሮ መልክዔይ፡
   እዚ እፈልጥ’የ ሓይሊ ከም ዘይብለይ
   ንሱ ጥራይ ኢዩ ዘዕግብ ህይወተይ።

ተደጋሚ፦ ክቡር መንፈስ ቅዱስ፡ ምልኣኒ ሎም ንዓ

መንፈሰይ ሓድሶ ክርኢ ክብርኻ

ሓያል ኢኻ ኣቦይ ምስጢር’ዩ ተግባርካ፡

መንፈሰይ ደርኮ ስለ ስምካ ኢልካ።

2. ጎይታ መሃረኒ ኣዕሚቐ ክኸይድ፡
   ድምጽኻ ክሰምዕ ፍቓድካ ከይስሕት፡
   ጸሎተይ በቒዑ፡ ክትንክፍ ልብኻ፡
   ምላሽካ ክርኢ ካብ ክብሪ ዙፋንካ።

ተደጋሚ፡-

3. ቃልካ ሓቂ ኢዩ ዘይጠልም ተስፋኡ፡
ኣሚነ ዝቐርበ ግሁድ ኢዩ ሓይሉ፡
መንፈስካ ኣዕዝዞ ኣብ ምሉእ ህይወተይ፡
ዕላማይ ክፍጽም ክጽብቕ ጸብጻበይ።
ተደጋሚ፡-

ብ.ካ

# መዝሙር እምነት 47 ንመንፈስካ ኣፍሰስልና

1.ክንበራበር ካብ ድቃስና፡
ክንብርትዕ’ውን ካብ ኩሉ ድኻምና፡
ንዕዮኻ ክንተግህ ፈቲና፡
ንመንፈስካ ኣፍስሰልና።

ተደጋሚ፡-ንመንፈስካ ኣፍስሰልና፡
ዎ ኣምላኽ ንጽበ ‘ሎና፡
ከምቲ ተስፋ ዝሃብካና።
ንመንፈስካ ኣፍስሰልና።

2.ትምኒት ናይ ስጋ ጸላኢና፡

ኩሉ ድኻም ዘዝሕል ፍቕርና፡
ክድምስሶ ክጸሪ ካባና፡
ንመንፈስካ ኣፍሰሰልና።

ተደጋሚ

3.ፍቕሪ ሰላም ክገዝእ ነፍስና፡
ምስጋናኻ ክመልእ ልብና፡
ንዕዮኻ ክንተግህ ፈቲና፡
ንመንፈስካ ኣፍሰሰልና፡፡

ተደጋሚ

4.ካብ ሓጥያት ክትጸሪ ምድርና፡
ጸሓይ ጽድቂ ድማ ክበርሃልና፡
ጥሜት ነፍሲ ስጋ ክጠፍኣልና፡
ንመንፈስካ ኣፍሰሰልና።

ተደጋሚ

ደ.ኣ

# መዝሙር እምነት48 ፍቃድካ ከለሊ

1.ፍቓድካ እንታይ ምዃኑ መታን ከለልዮ መልክዑ፡
ዓይኒ ልበይ ኣብርሃዮ ዎ መንፈስ ቅዱስ እለዮ፡

ተደጋሚ፡- ምርሓኒ ዎ መንፈስ ኣቦይ፡

መታን ከጽብቕ ከብረተይ፡

2.ፍቓድካ ኣበይ ምኺኑ መታን ከፈልዮ ቦታኡ፡
እዝኒ ልበይ ኳሕኳሓዮ ዎ መንፈስ ቅዱስ ምርሓዮ

ተደጋሚ

3.ፍቓድካ እቲ ጊዜኡ መታን ከፈልጦ ልክዑ፡
ንኣእምሮይ ኣንቅሓዮ ዎ መንፈስ ቅዱስ ተንከዮ።

ተደጋሚ

ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት49 ንዓ ዎ መንፈስ ቅዱስ

1.ንዓ ዎ መንፈስ ቅዱስ ውረድ ኣብ መንጎና፡

እንታይ ከም እንገብር ባዕልኻ ምርሓና።

<u>ተደጋሚ</u>፡- ንዓ ዎ መንፈስ ቅዱስ ንዓ ናብ ህዝብኻ

ከም ቀዳምይቲ ማሕበር ምራሕ ኣጸናንዕ።

2.ንዓ ዎ መንፈስ ቅዱስ ኣሙቅ ዝሑል ፍቕሪ፡
ካብ ርኽሰት ናይ ሓጢኣት ንልብና ኣጽሪ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ሓይሊ ዋዒ ኣንድዶ ኣብ ልቢነፍሲ ወከፍና፡
ትኽል ምውቕ ፍቕሪ ኣብዛ ሽጋር ምድርና።

<u>ተደጋሚ</u>

4.ስልጣን ክብርን ምስጋናን ንዓኻ ይኹን ኣምላኽና፡
መንፈስካ ኣፍስሰልና ኣበራብር ነፍሳትና፡
<u>ተደጋሚ</u>

መ.ኣ